ጓልፍ - ወሊንግቶን

# ቻርተር ፍትሒ ንመግቢ

*በዘን ክልተ ቀላያት ተኸቢቡ ዝርከብ መሬትን፣ ኵሉ ኣብኡ ዝርከብን ነኽብርን ነረጋግጽን።*

food system resiliency table

# መእተዊ

**ፍትሒ መግቢ( ፉድ ጃስትስ )**ክንብል ከለና፣ ንምገቦ መግቢ ኣበይን ብከመይን ይቦቁል፣ ብኸመይ ይምስራሕ፣ ይከፋፈልን ይብላዕን ምስኡ ዝተሓሓዝ ጥቅምን ጉድኣትን ድማ ብሓባር ሓላፍነት ክንወስድን ዘኽእል እዩ። ስለዚ ፍትሒ መግቢ እምበኣር ዘይምዕሩይነትን ኣፋላላይን ብምውጋድ ነዚ ዘሎ ስርዓት ምግቢ ምልዋጥ ዝዓለመ እዩ።

**ቻርተር ፍትሒ መግቢ ጓልፍ ወሊንግቶን** ናይ ሕብረተሰብና ፍትሓውን ውሑስን ዝኾነ ስርዓት መግቢ ኣብ ምምስራት ዘለዎ ራኢን ይገልጽ። እዚ ቻርተር እዚ እምበኣር ዕላምኡ፣ ን ሕብረተሰብን፣ ትካላትን መንግስቲን ኣዛሚዱ፣ ኩሉ ሰብ ዝብላዕ ዘይስእነሉን፣ ቁጠባውን ኣካባብያዊን ሃዋሁ ዝምዕብለሉን ስርዓት ንምፍጣር ኣበርክቶ ክገብር እዩ።

# ክብርታትና

## ዝስዕብ ነጥቢ ዘጠቃልል ናይ መግቢ ምንቅስቓስ ንምስርት ኣለና፥

• ተሞኩሮታት ስእነት መግቢ ካብ ዘለዎም ኣባላት ሕብረተ ሰብና ዝኾኑ፣ ጸለምቲ፣ ደቀባት፣ ትሑት መነባብሮ ዘለዎም፣ LGBTQ2S+,ከምኡ ውን ኣካለ ስንኩላን ዘጠቓልሉ ሰባት ዝምራሕ ኮይኑ፣ ኣብ ልዕሊ ስርዓት መግቢ ዘለዎም መጋቢነት ብምርግ ጋጽ ድሌታቶም ንምውሓስ ዘኽእሎም መገዲ ንምጽራግ።

• ን ሲስተማዊ ዝኾነ ጭኮና ከብቕዕ ዝሕግዝ ምዕቡል ዝኾነ ፖሊስን መደባትን ምስራዕ።

• ንስእነት መግቢ ከም ምልክታት ስእነት ተረዲኡ ኣታዊ ዝኽዕብተሉ መገዲታት ምጽዋዕ

## ምስ ዘም ዝስዕቡ ነጥብታት ንሰማማዕ, ተበግሶታት ብምውሳድ ምስ ፍትሒ መግቢ ዘለና ስምምዕ ነረጋግጽ:


1. እዚ መሬትን ኩሉ ዝምድናታቱን
2. ጥዕናን ደሓን ምህላውን
3. ሓባራዊ ብልጽግና
4. ባህሊ
5. ትምህርቲ

# ክብርታትና

## 1. እዚ መሬትን ኩሉ ዝምድናታቱን

**ክብርታት እዚ መሬትን ኩሉ ዝምድናታቱን፣ ምስ ዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ንሰማማዕ.**

- ነብሰ፥ ምኽኣልን ምዕሩይ ዝኾነ ምምቅራሕ መሬትን ቀረባትን፣ ንደቀባትን ዝተነጸሉ ህዝብታትን
- ምዕሩይ ዘይኮነ ጽልዋታት ምቅይያር ክላይመት ንምትዕርራይ ተበግሶታት ምውሳድ
- ነዚ መሬትን ማይን ምዕቃብን ካብኡ ምምሃርን
- ንጥዕና መሬትን ኣብኡ ዝርከቡ ሂወታውያንን ዘቀደመ ናይ ከተማን ገጠርን ኣጠቃቅማ መሬት



# ክብርታትና

## 2. ጥዕናን ደሓን ምህላውን፣

### ምስ ዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ንሰማማዕ.

- ተራ ዝተመጣጠነ መግቢ ኣብ ምክልኻልን ምቁጽጻርን ሕማማት ንርዳእ
- ተመጣጣኒ ዝኾነ ዋጋታት መግቢ ኣብ ንነብረሉ፣ ንሰርሓሉ፣ ንጻወተሉን ንሕከመሉን ኣከባቢታት ንምውሓስ ፖሊሲታትን መደባትን ምስራዕ
- መግቢ ንረኽበሉም ቦታታት፣ ብኣጋር፣ ብሽክለታን ህዝባዊ መጓዓዝያን ኽክየዱ ከም ዝኽእሉ ጌርካ ምስራሕን ምቅራብን
- ናይ መግቢ ፍልጠትን ክእለትን ንምኽዕባት ዕድላት ንምፍጣር ምጽዓር።



# ክብርታትና

## 3. ሓባራዊ ብልጽግና

### ኣብ ሓባራዊ ብልጽግና ንኣምን።

- ውሑስ ኣታውን፣ ደሓን ዝኾነ ስራሕን ንምውሓስ ፖሊሲታትን መደባትን ምስራዕ
- መግቢ ንምኽዕባትን፣ ምምስራሕን ምክፍፋልን ምዕረ ዕድላት ምፍጣር
- ንዘባና ምስ በጻሕቲ ንምልላይን ሕርሻዊ ወፍሪ ንምትብ ባዕን መዋዓውዒ ምድላው
- ናይ ማሕበራውን ኣከባብያውን ውጽኢታት ንምኽዕባት፣ ንሕብረተሰብና ጠቀምቲ ዝኾኑ ናይ ቁጠባ ኣብነታውያን ዝኾኑ ኣካላት ምትብባዕ




# ክብርታትና

## 4. ባህሊ

### ባህሊ ነኽብር.

- ናይ ዝተፈላልየ ድሕረ ባይታ ዘለዎም ሰባት ታሪኽን ተመኩሮን ሓሳባቶምን ምምእካል።
- ባህላዊ መግብታትን ልምድታትን ንምስትምቃርን ተመኩሮ ምልውዋጥን እድላት ምፍጣር
- ምዕሩይን ክብረቱ ዝሓለወን ዝምድና ኣብ መንጎ ኣፍረይትን ተጠቀምትን ምፍጣር
- ንኹሉ ዘማልአን ናይ ሕብረተሰባዊ ምትእኽኻብ ክፍጠር መገዲ ምጽራግ



# ክብርታትና

## 5. ትምህርቲ

### ትምህርቲ ክብሪ ንህብ.

- ባህላዊ ዝኾነ ፍልጠትን ልምድታትን ንምልውዋጥ ዕድላት ምፍጣር
- ህዝባዊ ትምህርቲ ብዛዕባ ኩሉ ስርዓታት መግቢ
- ሰባት ብዛዕባ ሕርሻን ሕርሻዊ ልምድታትን ንክርድኡ ተበግሶታት ምውሳድ
- ኣመጋግባና ብምዕርራይ ናይ መግቢ ምስራሕን ውሕስነት መግብን ብምምሃር ኣወንታዊ ዝኾነ ዝምድና ምስ መግብን ምብላዕን ምኹስኳስ



# ትርጉም

## 1. እዛ መሬትን ኩሉ ዝምድናታትን:

ንገለ ደቀባት ኢኑት ን መቲስን "All my relations"( ኩሉ ዝምድናታትና) ክብሉ ከለዉ፣ ዕሙቅ ዝበለ ዝምድናን ርጉእነትን ምስ መሬትን ካልኦት ሂወታውያንን የመልክት። ምስ ስድራቤት፣ ማሕበረሰብ ካልእ ነገራትን ዘሎ ዝምድና ጎኒቲ ምስ ዝሓለፈን ዝመጽእን ወለዶታት፣ መሬት፣ ማይ ፣ ኩሎም ኣታኽልቲ፣ እንስሳታትን ካልኦት ፍጥረታትን ማለትዩ።

## 2. ስዉር ጭኮና:

ስዉር ጭኮና ን ታሪኻውን ዝተወደበን ኣፋላላይ ከነለልይ ይሕግዘና። ኣብ ካናዳ እዚ ሲስተማዊ ዝኾነ ጭኮና፣ ኣብ ባህልን፣ ሕብረተሰብን ሕግን ተወቂሩ ኣሎ። መንግስታውን፣ ትምህርታውን ባህላውን ትካላት፣ ናይ ውሱናት ሰባት ሂወት ከም ዝከብድን ናይ ካልኦት ዕብልል ዘበሉ ሰባት ድማ ቀሊል ከም ዝኸውን ኣብ ምግባር ዓቢ ተራ ኣለዎ። ኣብነት ክንጠቕስ ተኾን፣ ዓሌትነት፣ ሴክሲዝም፣ሄትሮስክሲዝም፣ ኤጂዝም፣ኤቢሊዝም፣ክላሲዝም፣ ኣንቲ ሴመቲዝም እዮም።

## 3. ሓባራዊ ብልጽግና - ኩሉና ምስ ንደጋገፍ ኢና ንምዕብል:

እዚ ዘባና ሽሕ እኳ ብ ማሕበራዊ ኢኮሎጂኣዊን ቁጠባውን ጎድንታት ሃብታም እንተኾን፣ እዚ ሃብቲ ግን ማዕረ ዝርግሐ የብሉን። እዚ ሃብቲ ካብ ኢድ ውሑዳት ብምጥምዛዝ ንኹሉ ሕብረተሰብ ንምምቅራሕ ኣብ ሞንጎናን መንጎ ሽቀጥቲን ዘሎ ዝምድና ምቅያር የድሊ። ቡቁዕ መንበሪ ገዛን፣ እኹሉል ዝብላዕ መግብን፣ ደሓን ዝኾነ ስራሕን ዘይብሎም ኣባላት ሕብረተሰብ እንዳሃለዉ ዘባና ዕዉት ኮይኑ ክወጽእ ኣይክእልን።

# ትርጉም

## 4. ደሓን ዝኾነ ስራሕ

ደሓን ዝኾነ ስራሕ ዝበሃል፣ ኣሰተዋጽኦ ሰባት ኣብ ናይ ስራሕ ሂወቶም የመልክት። ውጺኢታዊ ዝኮነ ስራሕ ብ ተመጣጣኒ ክፍሊት ንምርካብ ዝፍጠር ዕድላት፣ ውሕስነት፣ ነብስኻ ተማዕብለሉ፣ ማህበራዊ ዝምድናታት ተማዕብለሉ፣ ሓሳባትካ ትገልጸሉ ፣ ንዓኻ ዝጸሉ ውሳነ ኣብ ዝመሓላለፈሉ ንስኻ ጻተፈሉ ባይታ ዝፈጥር፣ ንኹሉ ማዕረ ዕድላትን ኣረኣእያን ዘኽትል ስራሕ ውን የመልክት እዩ።

## መወከሲ፥


1. https://foodsecurecanada.org/community-networks/food-justice
2. https://www.gwpoverty.ca/decent-work/
3. https://firstnationspedagogy.com/interconnection.html
4. https://nmaahc.si.edu/learn/talking-about-race/topics/social-identities-and-systems-oppression


## መራኽቢ ሓበሬታ (Contact Information):


ኣብዚ ጸሓፉ